ኩባንያና ንብ ኢንሹራንስ ካሕሳ ከፊሉ ንዝተረከባ ተሽከርካሪት ብዝለቶ ኩነታት ኣጫሪቱ ክሸይጥ ይደሊ።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሚያዝያ 2, 2006 (ልዕሊ 12 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሚያዝያ 21, 2006 06:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:0
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:0
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰሉስ 5, 2005 06:00 ደ/ሰዓት
መደብ:

ነዛ ተሽከርካሪት ክትዕድጉ ትደልዩ ኩለኹም ኣብ ከተማ መቐለ ብሩህ ተስፋ ሕብረት ሽርክና ፊት ንፊት የተባበሩት መዐደሊ ነዳዲ ኣብ ዝርከብ ግዝያዊ መፅንሒ ዝተኣደ ተሽከርከርቲ ብኣካል ኬድኩም ብምርኣይ ክትዕድግሉ እትደልዩ ዋጋ ብሽምዓ ብዝተዓሸገ ፖስታ ክሰብ 20/08/2006 ዓ/ም ሰዓት 11:00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ከተማ መቐለ ድሕሪ ህንፃ ኣረጋዊ ሃይሉ ኣብ ዝርከብ ናይ ንብ ኢንሹራንስ ኩባንያ ጨንፈር መቐለ ቢሮ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ኣታዊ ብምግባር ክትጫረቱ ትኽእሉ። እቲ ጨረታ 21/08/2006 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ንብ ኢንሹራንስ ኩባንያ ኣ/ማ ጨንፈር መቐለ ተጫረቲ ወይምከዓ ሕጋዊ ወክልቲ ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት። ናይ ጨረታ መቕረብቲ ቕጥዒ ካብ ቤት ፅሕፈት ጨንፈር ብዘይ ኽፍሊት ብምውሳድ በቲ ቕጥዒ መሰረት ዋጋ ምቕራብ ግድን እዩ። ካልኦት ተጫረቲ ኣብ ዘቕረብዎ ዋጋ መሰረት ጌርካ ዋጋ ምቕራብ ኣይከኣልን። ተጫረትቲ ነቲ ኣብ ዝጫረትዋ ተስከርካሪ መልዓሊ ዋጋ 10% ብመዐዘዚ ክፍሊት ባንኪ /ሲፒኦ/ ክትሕዙ ይግባእ ይኹን እምበር እዚ መኽበሪ ጨረታ ትሕቲ ብር 5000.00 ክኸውን የብሉን። ብዘይ ክፍሊት ነፃ ቀረፅ ኣታዊ ትጫረት ተሽከርካሪት ቅድሚ ጨረታ ንዝነበረ ዋጋ እንተሃልዩ በኩባንያና ይሸፈን። ድሕሪ ጨረታ ንዝህሉ ዝኮነ ወፃኢ ግን ዓዳጋይ ሙሉእ ብሙሉእ ወሲኹ ይኽፍል። ሰዓሪ ውፅኢት ጨረታ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲታት ክፍሊት ፈፂሙ ንብረቱ እንትዘይተረኩቡ ውፅኢት ጨረታ ተዘሪዙ ኣብ እብ ላዕሊ ዘትሐዞ መጠን መኽበሪ ጨረታ ገንዘብ ናይ ኩባንያና ኣታዊ ይገብር። ኩባንያና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ከፃ ብኽፋል ክስርዞ መስል ሕልው እዩ። ንብ ኢንሹራንስ ኩባንያ (ኣ.ማ) ጨንፈር መቐለ ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪታት ቑፅሪ 0344400529 ወይም ብፋክስ ቍፅሪ 0344400522 ምሕታት ይከኣል

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle